
# "'ህዝቢ'ዩ ሰራዊት' - ነቕ ዘይብል ሰረተ-እምነትና'ዩ"

## ፕረዚደንት ኢሳይያስ

**ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ብ30 ታሕሳስ 2014 ብምኽንያት ሓድሽ ዓመት ምስ ማዕከናት ዜና ውሽጢ ሃገር ብቐጥታ ዝተመሓላለፈ ቃለ መሕትት ኣካይዱስ ቀዳማይን ካልኣይን ክፋሉ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ መዓልታት ኣቕሪብናልኩም። ሳልሳይ ክፋሉ ደስዕቡ–**

***



*ክቡር ፕረዚደንት፡ ጉዳይ ፍልሰት መንእሰያት ብተደጋጋሚ ክለዓል ዝጸንሐ እዩ። ብኣንጻር እዚ ተርእዮ እዚ ግን ኣብ ሃገርም ጸኒዖም ደው ዝበሉን ዝህንጽትን ንሉኣላውነትን ሃገር ብተወፋይነት ዝሰርሑን መንእሰያት እቶም ዝበዝሑ እዮም። እዞም መንእሰያት እዚኦም እንታይ ይሕሰቦም፣ ጻማ ተወፋይነቶምን መጻኢ ዕድሎምን ብጭብጥ እንታይ እዩ?*

እቲ ዘየለ ብዙሕ ክዝረበሉ ኣይደልን እየ። ግን መሬት መዓርን ጸባን ኣሎ፡ ጎቶት ኣሎ፡ ስለ ዝተባህለ፡ ኣብ ካልእ ሃገር ደኺሙን ዝያዳ ገንዘብ ክርከብ ይከኣል ብምባል ሓጺር ናይ ሂወት ለውጢ ንምምጻእ ብድርኺት ስድርኡ፡ ቤተሰቡ ወይ ብኸባቢኡ፡ ኣብ ገደልን ዝቐትትን ኣትዩ ዘሎ ውሑድ ኣይኮነን። እዚ ተርእዮ'ዚ እውጅ ኩናት እዩ። ዝ ተርእዮ ንምቁጽጻር ከኣ ብዝተኻእለ መጠን ክፍተን ጸኒሑ ኣሎ። ድሕሪ ሕጂ እውን ክቕጽል እዩ። ከም ተርእዮ ጥራይ ዘይኮነ፡ ከም እውጅ ኩናት ኣንጻር ልምዓትና፡ ዕብየትናን ርግኣትናን ክካየድ ዝጸንሐ ናይ ዝሓለፈ ልዕሊ 15 ዓመታት ውጽኢት እዩ። ከመይ ገይርና ንምክቶ ካልእ ኣርእስቲ እዩ። ግን ብኣጠቓላሊ እዞም ናብ'ዘን መሬት ሕልሚ ወይ "ድሪምስ" ዓድታት እየን ዝበሉወን ከይዶም ዘለዉ ደሓር ክጠዓሱን ኣብ መዓልቶም ናብ ልቦም ክምለሱን እዮም። ሓያሎ ካብኣቶም ኣብ'ዛ ሃገር ከም'ቲ ንሶም ዝደልይዎ ኩነታት ብቐጻሊ ስለ ዘይተፈጥረ ዝተጋገዩ ኣለዉ። እዚ ገጂፍ ኣርእስቲ እዩ። ዶኩሜንትታት ናይ'ቲ ብዛዕባኡ ዝተገበረ ደቂቕ መጽናዕቲ ኣሎ። ናይ ሕጊ ጎንታት፡ ናይ ቁጠባ ጎንታት ዘለዎ ኣሎ። ምስኡ ዝተኣሳሰሩ ዝተፈላለዩ ሸርሕታት እውን ካልእ ዶክመንት እዩ። እቲ ዘሕዝን ከኣ፡ ናይ'ዚ ኩሉ ውዱብ ገበን ግዳያት እቶም መንእሰያት ምዃኖም እዩ። ጉዳይ ናይ'ዚኣቶም ብስምዒት ዝተሓዘ ዘይኮነ፡ ብቦግዜኡ ብዝተጸንዐ መንገዲ ዝፍወስ እዩ። ወላ'ኳ ይበድሉን ይጋገዩን እምበር፡ ዜጋታት ናይ'ቲ ህዝብን ሃገርን ስለ ዝኾኑ፡ ኣብ ዝኸዱ ይኺዱ፡ ይጋገዩ ኣይጋገዩ፡ ኣብ ዝወደቕዎ ይውደቑ፡ እቲ መንግስቲ፡ ህዝብን ቤተሰብን ክኣልዩዎ ዘለዎም እዩ። ነቲ ኣብ'ዚ ሃገር ዝትግበር ዘሎን ዝተተግበረን መደባት፡ ድሕሪ 2015 ክትግበሩ ተመዲቦም ዘለዉ ካልኦት ዓበይቲ መደባት ክትግበር ዝኽእል ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ዝኾነ ሰብ ኣሎ። ምኽንያቱ ኣብ ውሽጢ እዚ 15 ዓመት ወተሃደራዊ ኩናት ኣይኮነን ተኣዊጁልና። እቲ ቁጠባዊ፡ ዲፕሎማሲያዊን ፖለቲካዊን ጸለመ ደማሚርካ፡ ን15 ዓመት ናይ ልምዓት መደባት ከም ዘይነትግበር፡ ኣእምሮና፡ ኣካላትናን ዓቕምናን ጅሆ

> **ቁጠባዊ፡ ዲፕሎማሲያዊን ፖለቲካዊን ጸለመ ደማሚርካ፡ ን15 ዓመት ናይ ልምዓት መደባት ከም ዘይነትግበር፡ ኣእምሮና፡ ኣካላትናን ዓቕምናን ጅሆ ከም ዝተሓዝነ ኩሉ ግዜ ኣብ ጭንቀት ከም እንነብርን ዝዓለመ ኩናት ኢና በዲህና።**

ከም ዝተሓዝነ ኩሉ ግዜ ኣብ ጭንቀት ከም እንነብርን ዝዓለመ ኩናት ኢና ኣሕሊፍና። እዚ ዓቕምና ናይ ምምጻይ ሸርሕታትሲ ቁጠባና ከይምዕበል ናይ ውልቂ ኣታዊታት ከይዓቢ ናይ ጉዳእ ርእሱ ተራ ነይሩዎ። ካብኡ ናብኡ ከኣ ዓቕሚ ሰብና ናይ ምዝቋቕ እውጅ ኩናት እዩ ጸኒሑ። እዚ ተርእዮ ሓደ ብሓደ ክዝረበሉ ዝግበኦን ብዙሕ ግዜ ዝወስድን እዩ። ብኣጠቓላሊ ግን ንምቕያድና ተባሂሉ ሸርሒታት ክግበር ከሎ ንሕና እውን ካብ ፈለማ ኣይተገረህናን። ጅሆ ናይ "ቴንሽን" ወይ ናይ ወጥሪ ኩይንና ኣብ ጸላም ንኽንነብር እዩ እቲ ዕላማ። ንሕና ግን ኣብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ወጥሪ ክንኣቱ የብልናን። ሉኣላውነትና ተደፊሩ ኣብ ቀጻሊ ዝኾነ "ሃራስመንት" (ተደጋጋሚ መጥቃዕቲ)፡ ኣብ ቀጻሊ ምትኹታኽን ሸርሕታትን ኢና ዘለና። ንሕና ብንጹር መኣዝንና ፈሊጥና፡ ኣብ ዕላማና ረጊጽና ክንከይድ ክንክእል ኣለና። ዝ ብየማንን ጸጋምን ክውጥጠና ዝደሊ፡ ኣብ ጭንቀት ሸሚሙ ክሕዘና ዝደሊ ህቅናታት ብምሉኡ ክንምክቶ ኣለና ስለ ዝበልና፡ ኣብ ዝሓለፈ 15 ዓመት ኣብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ደረጃ በጺሕና። ኩነታት መንእሰያት [illegible] መልክዕ ዝሓዘ እዩ። ኣብ መደባት ዜና ክሰርሓሉ ዘለዎ እውን፡ ዝም ዓበይቲ መደባት ብኸመይ ከም ዘተግበርናዮም እዩ። መኪይን ስለ ዘምጻእና፡ ማሽነሪ ስለ ዘምጻእና፡ ዶዘራት ስለ ዘምጻእና፡ ኩሉ ዝኣኩብናዮ ናይ ወጻኢ ሸርፊ ንጽግብ ከይበልና ኣብ ዓመት 320-340 ኣብ ነዳዲ እናውጻእና ክንደክም ላዕልን ታሕትን ክንብልን ስለ ዝጸናሕና ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ዝሰርሕ ሰብ ስለ ዘሎ እዩ። ኣብ ውሽጢ ዓዲ ኩይኑ ዝሰርሕ መንእሰይ እውን እኮ ኣሎ። ቀንፈዘው ዝብልን ኣንፈቱ ናበይ ከም ዝኾነ መኣዝኑ ዘይፈልጥን እውን ኣሎ። እቲ ንጡፍ ዝበሃል መንእሰይ ግን ሓደ ሰብ ክንዲ 10 እዩ ዘሎ።

> **እዞም ናብ'ዘን 'ናይ ሕልሚ ዓድታት' ዝበሉወን ከይዶም ዘለዉ ዜጋታት፡ ደሓር ክጠዓሱን ኣብ መዓልቶም ናብ ልቦም ክምለሱን'ዮም።**

ምኽንያቱ እቲ ዝሰርሕ ዘሎ መንእሰይ በቲ ዝሰርሖ ሰዓታት ጥራይ ኣይኮነን ዝረኣ። ብዓይነት'ቲ ዝሰርሖ ዘሎን ኣብ መወዳእታ ዘምጽኦ ዘሎ ኣበርክቶን እንድሕር ርኢኻዮ ናይ ብሓቂ ገጂፍ ዓቕሚ እዩ። 2015/16 ናበይ ክኸይድ እዩ እንተ ኢልና ከኣ፡ ኣብ መወዳእታ ማሽነሪ ስለ ዝወሰኽካ ዘይኮነ፡ ብቐንዱ ዓቕሚ ሰብካ ክሳብ ክንደይ ሞያ እናቐሰመ፡ ተመክሮ እናኣከበ ብዝለዓለ "ሞቲቬሽን" (ድርኺት) ከም ዝሰርሕ ክትገብሮ ክኢልካ እዩ እቲ ወሳኒ። ጸምኡኸ እንታይ እዩ? ወላ ከብድናን ጁባናን ከይመላእና፡ ሓደ ዝተኣማምንን ጥጡሕ ባይታን ሃዋህውን ክንፈጥር ክንክእል ኣለና። ዝ ንኽንፈጥር ድማ ዋጋ ክንከፍል የድልየና። እዚ ሕጂ ንጉብሮ ዘለና "ሳክሪፋይስ" (መስዋእቲ) ከኣ ናብ'ቲ ደረጃ ንኽንበጽሕ ምእንቲ እዩ። ሕጂ ጻማኻ እዚ'ዩ ኢልካ ክትዛረብ ኣይከኣልን እዩ። ኣብ ናይ ልምዓት መደባትና፡ ኣብ ሕርሻ፡ ኢንዱስትሪን "ማኑፋክቸሪን" (መስንዓት) ኣገልግሎታት. . . ብኣጠቓላሊ ኣብ ኩሉ መዳይ ኣብ'ቲ እንደልዮ ደረጃ እንተ በጺሕና፡ እዚ ኩሉ ሕጂ ንጉብሮ ዘለና ወፍሪ ማልስ ክህልዎ እዩ። እቲ ማልስ እዩ ድማ ጻማ ናይ ሕጂ ጻዕርና። ንሓደ ንኽልተ መንእሰይ ጥራይ ዘይኮነ ንኹሉ ህዝቢ ዝምልከት ጻማ እዩ። ደቀንስትዮ፡ ሽማግለታት፡ ደቂ 60፡ 70፡ 80 ዓመትን ልዕሊኡን ከይተረፉ ኣብ'ዚ ስራሕ ይሰርሑ ኣለዉ። እቲ ኩሉ መደባት ንምትግባር ዝጽዕር ዘሎ ህዝቢ ወላ ሓንቲ ኣይረኽበን ዘሎ። ዝሰትዮ ጽሩይ ማይ ዝረኽብ ክንደይ እዩ? ምናልባት ኣብ ውሱን ከባቢታት ኩሉ ነገር ዝተማልአ ኩይኑ ክረኣ ይኽእል እዩ። ጽሩይ ማይ ዘይረኽቡ፡ ካብ ናይ ናጽነት ዓመታት ኣትሒዙ ክሳብ ሕጂ ናይ ኤለክትሪክ መብራህቲ ኣብ ከባቢኦም ዘይበጽሐ፡ ርሑቕ ከይከድካ ኣብ ጎደቦ ኣስመራ ኣለዉ። ስሉጥ ናይ መጓዓዝያ ኣገልግሎት ዘይረኽብዎ ክንደይ እዩ እንተ ኢልና ሓደ ብሓደ ክጽብጸብ ይከኣል እዩ። ሕጂ እቲ ክገልጾ ዝጸናሕኩ ስራሕ፡ ይሰራሕ ኣሎ። ዘይርኣ ወይ ስውር ምንጪ ናይ ጸጋታት የለን። ዘለና ጸጋታት ኩሉ ሰብ ዝፈልጦ እዩ። ዓቕሚ ናይ ምውህሃልን ብደረጃ ሃገር ክትግበሩ ዘለዎም ዝተፈላለዩ ናይ ልምዓት መደባትናን፡ ዓይነት ህይወት ንምቕያር ዝዓለሙ መደባት እዮም። ናብ'ዚ ንምብጻሕ ከኣ ክንደይ ግዜን ጻዕርን የድልየ። ሕጂ ከብድኻ ፍርቂ ገይርካ ወይ ጁባኻ ከይመላእካ ወፍሪ ምግባርዶ ይሓይሽ ወይስ ኩሉ ጸጋሕ ንጉሆ ክርከብሉ እየ እናበልካ ምስ ሓሸሽካ ክትወፍር! ሓደኡ ክትመርጽ ክትክእል ኣለካ። እዚ ሓድሽ ታሪኽ ኣይኮነን። እዚ ኩሉ ሰብ ስለምንታይ ተሰዊኡ፡ ስለምንታይ ግዜኡ፡ ረሃጹን ጉልበቱን ኣደኪሙ እንድሕር ኢልና፡ ናብ ሓደ ዝምጽኦ ደረጃ ንኽበጽሕ እዩ። ናጽነት ምርካቡ ጽቡቕ። ግን ናጽነት ናይ መወዳእታ ዕላማ ኣይኮነን። ካብኡ ንንየው ናይ ብሓቂ ምዕሩይ ዘዕግብ ብቑዕ ዓይነት ሂወት ክህሉ እንድሕር ኩይኑ ብዙሕ መስዋእቲ ተኸፊሉ የድሊ። ብዛዕባ ጻማ ክዛረብ እንተ ኾይኑ ናበይ እኸይድ ከም ዘለኹ ክፈልጥ ኣለኒ። ደሞዘይ ክንደይ'ዩ ክንደይ ኣብ ጁባይ ይኣቱ ክንደይ እበልዕ እሰትን ኣለኹ ዘይኮነ ሕጂ ሰሪሐ ንበይነይ ጥራይ ዘይኮነ ከኣ በቲ ብእኩብ እንኸፍሎ ዘለና ናይ ወፍሪ መስዋእቲ ጸጋሕ ንጉሆ ጻማና ክንረክብ ኢና። እንተ ዘየሎ ማሕፉዳ ናይ መንግስቲ ሃልዩ በቲ ካብኡ ዝወጽእ ገንዘብ ክትነብር ትኽእል ኢኻ፡ ደሞዝካ ሓፍ ክብል እዩ. . . ክበሃል ኣይከኣልን። መን እዩ ከፋላይን ዘይከፋላይን ጻማ ዝኸውን? መንግስቲ፡ ሓላፊ ይኹን በዓል ስልጣን ኣብ'ቲ እኩብ ናይ ወፍሪ መደባት ኣትዩ ዝኸይድ እዩ። ኣብ እዋን ወፍሪ መስዋእቲን ጽገምን ኣሎ። ኣብ መወዳእትኡ ከኣ እቲ ጻማ በቲ ድምር ማልስ ናይ'ቲ ዝገበር ዘሎ ወፍሪ እዩ ዝርከብ። ዘይርኣ ምንጮታት ናይ ጸጋታት ስለ ዘሎ፡ ኩላትና ከም ድላይና ጻማና ረኺብና ክንከይድ ኢና ኢልካ ክሕሰብ ኣይከኣልን። ኩሎም ወፍርታት ተደማሚሮም ዝሁብዎ ውጽኢት፡ ዓይነት ሂወት ናይ ሰባት፡ ዝምገብዎም ዓይነትን ዓቕንን ናይ ዝነብሩሉ ከባቢን ኣባይትን ዝረኽብዎ ናይ ጥዕና፡ ትምህርቲ፡ መጓዓዝያ. . . ኣገልግሎት፡ ዝተፈላለየ ባህላዊ ባህታ ተደማሚሩ ዓይነት ሂወቶም ዝቕይር ክኸውን ኣለዎ። ነቲ ሃዋህውን ባይታን ንኽንፈጥሮ ንጉብሮ ዘለና ወፍሪ ክንርድኦ ክንክእል ኣለና። ጽባሕ ከም'ዚ ክኸውን እዩ፡ ከም'ዚ ክንነብር ኢና ኢልካ ሰብ ኣይጥበርን እዩ። ክትሓስብ፡ ክትሰርሕ ትኽእል ኢኻ፡ ክትገብሮ ከም እትኽእል እውን ትፈልጥ ኢኻ፡ ግን ሰብ ኣይትጥበርን ኢኻ፡ ደሞዝ ክንደ'ዚ ክውሰኽ እዩ፡ ኩነታት ክመሓየሽ እዩ፡ ጽባሕ ንጉሆ ከም ድላይና ክንነብር ኢና. . .ዝበል መብጽዓታት ኣብ ባህልና እውን ክንከሳከሶ ዘይብልና ነገር እዩ። ጻማ መስዋእቲ ኣለዎ፡ ጻማ ወፍሪ ኣለዎ፡ ጻማ ከኣ ብምህንጣይን ብተብተብን ትበጽሖ ኣይኮነን። ብስራሕ እዩ ዝበጽሕ፡ ብትዕግስቲ ዝበጽሕ ነገር

ናብ 9ይ ገጽ ይቕጽል

# “‘ህዝቢ’ዩ ሰራዊት’ - ነቕ . . .” ፕረዚደንት ኢሳይያስ

ካብ 3ይ ገጽ ዝቐጸለ



የለን፡፡ ራኢና ዓይነት ህይወት ሰባት ንምቕያር እዩ ክበሃል ይከኣል እዩ፡፡ እዚ ግን ብዮዝብሪ ሰራሕካ ስለ ዝመጽእ ሕጂ ሰዓቱ ኣይኮነን፡፡ ኣይፋሉን! ሕጂ ጻማይ እንተ ዘይረኸብ ደገ ከይደ ሰሪሐ ወይ ከይሰራሕኩ ብናይ “ቻሪቲ” (መጽወትቲ) እናተኣለኹ ክበልዕ እኽእል እየ ኢሉ ዝኸይድ ጽባሕ ክንራኸብ ኢና፡፡ ድሕሪ ውሱን ጉዕዞ ተጣዒሱ እንተ ተመልሰ ጽቡቕ፣ ኣብ’ዚ ዓዲ ዝረኣየኒ ናይ ጻማ ማልስ የለን እናበለ ክጭነቕ ዝሓድር ሰብ እንድሕር ኣሎ ከኣ ደሓን ግዜ ክዓርቀና እዩ፡፡

*ክቡር ፕረዚደንት፡ ውሕስነት ህላወ፡ ቀጻልነትን ዕብየትን ሃገር ብቐንዱ ናይ ምክልኻል ዓቕሚ እዩ፡፡ ዚ ዓቕሚ እዚ ንምድልዳልን ምጥንኻርን ዝተወጠነ መደብ ኣሎዶ? ምስ’ዚ ተኣሳሲሩ ዝለዓል ጉዳይ ድማ ናይ ህዝባዊ ሰራዊት ኣሎ፡፡ ዕማማት ህዝባዊ ሰራዊት ታዕሊም ይኹን ካልእ ብኸመይ እዩ ሰራሕን ኣፍራይነትን ብዘይሃሲ መገዲ ክፍጸም ዝኽእል?*

> **ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነት፡ ኣብ መወዳእታ ሃገር ዘድሕን ወይ ሃገር ዝከላኸልን ልኡላውነት ዘኽብርን ሰራዊት - ህዝቢ’ዩ፡፡**

እዛ ሕጂ ትመጽእ ዘላ ሕቶ ምስ ቀውዒ ተኣሳሲራ ዝመጽኣት እያ፡፡ ሕጂ ብዛዕባ ወታሃደራዊ ኩነታት ብዙሕ ክንዛረብ የብልናን፡፡ ብዛዕባ ህዝባዊ ሰራዊት ኩላትና እንፈልጦ እዩ፡፡ ህዝባዊ ሰራዊት፡ ምዱብ ሰራዊት ይኹን ሓይልታት ምክልኻል፡ ኣብ መወዳእታኡ ናይ’ዚ ሃገር ሰራዊት እቲ ህዝቢ እዩ፡፡ ብቐሊል ኣገላልጻ ንፖለቲካዊ ሃልኪ ወይ ንህዝባዊ ርክባት ዝበሃል ዘይኮነ፡ እዚ ሰረት እምነት ወይ ዶክትሪን ከም ኡ እዩ፡፡ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነት፡ ኣብ መወዳእታ ሃገር ዘድሕን ወይ ሃገር ዝከላኸል ልኡላውነት ዘኽብር ሰራዊት፡ ህዝቢ እዩ፡፡ “ህዝቢ እዩ ሰራዊት” ማለት ግን፡ ብዘረባ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብዮዝብሪ እቲ ህዝቢ ኣብ ዝኾነ እዋን ድሉው ክኸውን ኣለዎ፡፡ ብዘይካ እዚ ሓቂ ካልእ ዝኾነ ፍልስፍና ኣለኒ ዝብል እንተ ሃልዩ ኣብ ህዋ ዘንሳፍፍ ጥራይ እዩ፡፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ብእገዳ፡ ዓቕምና ብምዝቋቕን ምምጻይን ብዝተፈላለየ ቁጠባዊ ሸርሕታትን ጅሆ ንምሓዝና ዝተኻየደ ፈተነ ካብ ጸገም ናይ’ቶም ንእንታይነት ናይ’ዚ ህዝቢ ዘይርድኡ ሓይልታት ዝቐለ’ዩ፡፡ ኣብ ኣወዳድባ እንተ መጺእና ኣብ’ዚ ዝሓለፈ 15 ዓመት ኣብ ድፋዕ ኮፍ ኢልና ኣለና፡፡ ኣብ ድፍዓት ኮፍ ምባል የድልየና ነይሩዶ? ጅሆ ክሕዙና ክፍትኑ ከለዉ፡ ምናልባት ሓደ መዓልቲ ኣይፍለጥን ገለ ነገር ክፍጠር ይኽእል ይኸውን ኢልና 15 ዓመት ኢና ኮፍ ኢልና፡፡ እቶም ኣብኡ ኮፍ ኢሎም ዘለዉ ሰባት ዜጋታት ናይ’ዚ ሃገር እዮም፡፡ ገለ ኣብ ግዝኡ ድቕስ ክሓድር፡ ገለ ድማ ሃገር ክሕሉ ክኑብር በየናይ መሰል፡ በየናይ ፍትሒ፡ በየናይ ኣገባብ ቅቡል ክኸውን ይኽእል፡፡ እቶም ንብዩኖም ካብ ህዝቢ ተነጺሎም ኣብ ድፋዕ ዘለዉ፡ ወላ ውፉያት እውን እንተኾኑ ልዕሊ ኹሉ ግን ዕሱባት ኣይኮኑን፡፡ ብዘይካ’ቶም ኣብ ዕርድታት ዘለዉ እቲ ለይትን መዓልትን ዝሰርሕ ዘሎ’ኸ ንምንታይ ደዩ ዝሰርሕ ዘሎ? ስለ ዝተረገመ ወይ ከኣ ካብ ካልኦት ዝያዳ መሰል ስለ ዘለዎ ኣይኮነን፡፡ ስለ’ዚ ነዚ እውን ክንርእዮ ክንክእል ኣለና፡፡ ምስኡ ተኣሳሲሩ ዝኸይድ ድማ ናይ ሃገራዊ ኣገልግሎት እዩ፡፡ ኣብ 6-7 ዓመት ሃገራዊ ኣገልግሎት ናብ ሰራዊት ምኻድ እውን ኣይጸንሐን፡፡ ዝኾነ ሸርሒን ምትኹታኹን እንተ መጽኣ፡ በቲ ኣብ ግንባራት ዘሎ ሓይልታት ክንጻወሮ ንኽእል ኢና ስለ ዝበልና ሸለል ተባሂሉ ጸኒሑ፡፡ ካብ መኣዝንና ኣይንወጽእን ኢና፡፡ ግን ብውሕዱ ትሕጃና ንሕዝ፡፡ ሓደ ካብ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ክሳራና እቲ ሃገራዊ ኣገልግሎት ንዓመታት ኣብ ጽርግያ ተደርብዩ እዩ ጸኒሑ፡፡ ኣብ 12 ክፍሊ ኣይሓለፍካን ወይ ናብ ኮሌጃት መእተዊ ኣይረኸብካን ተባሂሉ፡ ኣብ ርእሲ እዚ እውን ዝተኣታተወ ናይ ማሞስ መደባት ኣይሰርሐን፡፡ ናብ ሰራዊት ምኻድ እውን ኣይነበረን፡፡ ኣብ ኑብሲ ወከፍ ዓመት ዳርጋ ዘርሞ-ዘርሞ ዝተረፈ መንእሰይ ውሑድ ኣይኮነን፡፡ ሕጂ ብዛዕባ ሃገራዊ ኣገልግሎት ብዙሕ ዘረባታት ኣሎ፡፡ እዚ ድማ ዕላማኡ ኣብ ቀጻሊ ኣብ ናይ ምክልኻልና ሰራሕና ጅሆ ንምሓዝና እዩ፡፡ እቲ ዘገድሰና ከኣ መንእሰያት ሃገራዊ ድሕነትን ሉኣላውነትን ናይ ምዕቃብ ሓላፍነት ጥራይ ዝሕዙ ዘይኮኑስ፡ ጥኺናም ኣብ ክንዲ ዝተርፉ ንርእሶም ኮይኖም ንቤተሰቦምን ንሃገሮምን ምእንቲ ክኾኑ ምስ’ቲ ኣቕዲመ ዝጠቐስኩዎ መደባት ዝሰራሓሉ እዩ፡፡ ብቐንዱ እዚ ናይ ትማሊ ናይ ህዝባዊ ሰራዊት መደብ ታዕሊም ግን፡ በብከባቢኡን በብዞባኡን ቅድሚ ቀውዒ ክውዳእ ዝነበሮ ፕሮግራማት እዩ፡፡ ዞባዊ ሰራዊት እኮ ኣካል ናይ ምክልኻል እዩ፡፡ ሓይልታት ምክልኻል ብፍሉይ ምሉእ ግዜኡ ኣብኡ ዝሰርሕ ይኹን እምበር፡ ካብ’ቲ ካልእ ተፈልዩ ንብይኑ ዝረአ ኣይኮነን፡፡ ናይ ሓንቲ ሃገር ሰራዊት መን እዩ እንተ ኢልካ፡ ብኣጠቓላሊ ህዝቢ እዩ፡፡ እቲ ኣብ ግንባራት ዝጸምድ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ልምዓት መደባት ዝጸምድ፡ ንቕልጡፍ ግብረ መልሲ ኣብ ደጀን ተወዲቡ ዝጸንሕ ዓቕምን እዩ እቲ ናይ ሃገር ሰራዊት፡፡ ናይ ግዳም ስግኣት ተራእዩ ስለ ዝተባህለ (ኣነ ከም ስግኣት ኣይርእዮን እየ)፡ ማለት ወያነ ክኣጥቕዕ ኢና ኢሎም፡ ከም’ዚ ክንገብር ኢና ኢሎም . . . ዝብል ወረ ስለ ዝተጋውሐ፡ ናይ ኣጋጣሚ ድማ እቲ ናይ ህዝባዊ ሰራዊት ጉዳይ ብዓዘ ስለ ዝተገጣጠመ ስግኣት ዘሎ መሰሉ ክኸውን ይኽእል፡፡ ብሓፈሻ እቲ ዘዘረብ “. . . የለን ኣይትሓዙና፡ የፍየል ወጠጤ. . .” ዓይነት ዘረባታት ኣብ ዝተበገሰሉ እዋን ስለ ዝመጽአ እዩ፡፡ እንተዘይኮይኑ እቲ ሰራሕ ንቡር ኣሰራርሓና እዩ፡፡ ኣብ ዝተወሰነ እዋን ብዕድመ ይኹን ብጾታ ዘይፈላለ፡ ኮፍ ኢሉ ጸኒሑ ኣድላዩ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ብግስ ዝብል ዕቑር ሓይሊ፡ ቀጻሊ ልምምድን ምብርባርን የድልዮ እዩ፡፡ ንቕሓቱ፡ ቁሩብነቱ፡ ድልውነቱ፡ ናይ ተኹሲ ብቕዓቱ፡ ኣእምሮኣዊን ኣካላዊን ተጻዋርነቱ፡ ምቁጽጻርን ምብርባርን ካልኦት ስለ ዝጉብርዎ ዘይኮነስ ናይ ግዝእ ርእሰና ኣካል ናይ ሂወትና ዝኾነ ባህሊ እዩ፡፡ ከም መደብ ከኣ ኣብ ግዝኡ ይግበር እዩ፡፡ እዚ ዝሓለፈ ግን ደንጉዩ እዩ ጀሚሩ፡፡ እቲ ሕማቕ ከኣ፡ ምስ ናይ ግዳም ናይ ፈኸራን ጃህራን ኣጋጣሚታት ጥራይ ዘይኮነስ ምስ እዋን ቀውዒ እውን ብምግጣሙ እዩ፡፡ ኣጋጣሚ ከኣ ጽቡቕ ክራማትን ብርኩት ቀውዕን ስለ ዝነበረ፡ ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ኣእካል ተዓጺዱ ኣብ ግራውቲ ኣሎ፡፡ ናብ መኸዘን እውን ኣይቀረበን፡፡ ማእለያ ዘይብሉ እኽሊ ተቡቲኹ ኮፍ ዝበለ ኣሎ፡፡ እቲ ምኽንያት ብዙሕ እዩ፡፡ እዚ ናይ ህዝባዊ ሰራዊት ናይ ልምምድ መደብ ስለ ዝመጽአ’ሞ ምስኡ ስለ ዝተጋጠመ ጥራይ ዘይኮነ፡ በቲ ብኣብዐር ዝግበር ናይ ቀደም ልምዳዊ ኣሰራርሓ፡ እኽሊ ኩተኸይድ ቀሊል ዕማም ስለ ዘይኮነ እውን እዩ፡፡ ነዚ ጽቡቕ ክራማትን ብርኩት ዓውዲን ብኸምኡ ክትዓምሞ ኣይከኣልን፡፡ ንኑብሲ ወከፍ’ቲ ካብ ዝተፈላለየ መደባት ናብ’ዚ ዝኣቱ ሰብ ቀጻሊ ልምምድ ንኽትገብር ኣየናይ ተቐድም ዝብል ሕቶ ከኣ ኣሎ፡፡ ምናልባት ኣብ መንጎ ከዛነቕሉ ንኽእል ዕድላት እንተ ተረኺበ እውን፡ ከም’ቲ ዝተደልየ ኣይከደን፡፡ እቲ ብቐዳምነት ክረአ ዘለዎ ግን እቲ ልምምድ ወይ ድሉውነት ስለ ዝኾነ፡ እቲ እኽሊ ከዝርከበሉ ንኽእል ኢና፡፡ ንዕኡ ናይ ኣዋርሕ ወይ ናይ ሰሙናት ግዜ ክንሰግሮ ንኽእል ኢና ተባሂሉ፡፡ ናይ ቤተሰብ ጉዳይ፡ ናይ እኽሊ ጉዳይ፡ ናይ መሬት ጉዳይ፡ ከይዱ ክዓጽድን እኽሊ ክሓፍስ ዝግበኦ ኣይገበረን፡፡ ሕጂ ሓዲኡ ክትመርጽ ክትክእል ኣለካ፡፡ ብደረጃ ሃገር ዝግበር ምርጫ እዩ፡፡ ቀውዒ ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን ቀሰይ ኢልና ክንረኻኸበሉ ኢና፡፡ እቲ ድሉውነት ዘረጋግጽ ልምምድ ግን ክግበር ኣለዎ ስለ ዝተባህለ፡ እቲ መደብ ተኻይዱ ኣሎ፡፡ እቲ ልምምድ ምኪያዱ ሓደ ዓቢ መኽሰብ እዩ፡፡ እቲ ምስ ኣእካል፡ ምስ ቀውዒ ዝተኣሳሰረ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ናይ ሰባት ስለ ዝተደናኸየ ግን፡ ከም ክሳራ ኣይቆጽርዎን እየ፡፡ ኑቲ ተኸፋሊ ናይ’ቲ ሓደ መኽሰብ ምሉእ ብምሉእ ተሓጉሶናሉ ዓጊብናሉ እንተ ኹንና’ኳ፡ ብፍላይ ምስ ምህርቲ ምሕፋስ ዝተኣሳሰረ ስራሕ ከም’ቲ ዝደለ ኣይገበርናን፡፡

> **እቲ ሕማቕ ከኣ፡ ልምምድ ህዝባዊ ሰራዊት ምስ ናይ ግዳም ናይ ፈኸራን ጃህራን ኣጋጣሚታት ጥራይ ዘይኮነስ፡ ምስ እዋን ቀውዒ’ውን ብምግጣሙ’ዩ፡፡**

ኣብ ጽርግያ ወይ ኣብ ሓደ ከባቢ ኣእካል ወይ ዝተዓጽደ እኽሊ ኣብ ግራውቲ ኮፍ ኢሉ ኣሎ፡፡ ናይ ሕዳር ማይ እንተ መጺኡ እቲ ቀንዲ ስኽፍታ ናይ’ተን ኣብ ማእከል ግራውቲ ዘለዋ ቅሚጦታት እዩ፡፡ በቲ ናይ ቀደም ኣዘራርባ “ካብ ማይ ሕዳርሲ ኣንበጣ ሕዳር!” ከም ዝበሃል፡ እኽሊ ገና ከይተኸኤደ ኣብ ዓውዲ ከሎ ስለ ዝበላሾ ብዙሕ ጸገማት ኣለዎ፡፡ እዞም ጸገማት ግን ዝሕለፉ ጸገማት እዮም በሃሊ እየ፡፡ እዚ ኣርእስቲ ድማ ምስ ህዝባዊ ሰራዊት፡ ምስ ሓፈሻዊ ናይ ሃገር ድልውነት ንኽብረት፡ ሉኣላውነትን ምክልኻልን ዝተኣሳሰር ዘይኮነስ ኣብ ዓውዲ ዝፍታሕ ኣርእስቲ እዩ፡፡

> **ሸርሒን ምትኹታኹን እንተ መጽአ፡ በቲ ኣብ ግንባራት ዘሎ ሓይልታት ክንጻወሮ ንኽእል ኢና ስለ ዝበልና፡ ኣብዚ ዝሓለፈ 6-7 ዓመት ሃገራዊ ኣገልግሎት ናብ ሰራዊት ምምዳብ ሸለል ተባሂሉ ጸኒሑ፡፡**

ናይ መወዳእታ ክፋሉ ሰኑይ